ጽሑፍ መምርሒ

ብኮቪድ-19 ንእተጠቕዓ ሃገራት ዝሕግዝ ፕሮግራማት ንዘተግብራ ውድባት

ረድኤት ዝምልከት ኣንጻር ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን (SEAH) ዝካየድ ሓለዋ-ድሕነት

ምንጪ ስእሊ፡ ምስጋና ንSocial Development Direct

ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን (SEAH)፡[1] ለበዳ ኮቪድ-19 ኣጋጢሙሉ ኣብ ዘለወሉ እዋንን ንዕኡ ግብረ-መልሲ ኣብ ዝውሃበሉ ዘሎን፡ ኣብ ዝመጽእ ኣዋርሕ በቐጻሊ እናወሰኸ ከምዝኸይድ ኽገብሮ ይኽእል እዩ። እቲ ብኻልኣይ ደረጃ ዘጋጥጽልዋታት፡ ለውጥታት ኣብ ባህርያት ኮምን ምንቅስቓስን፣ ዓቢ ጾታውን ማሕበራውን ዘይማዕርነትን ንሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ከምዝውስኽ ዝገብር ኲነታት ዝፈጥር እተዳኸመ ቀረብ ኣገልግሎት ከስዕብ ይኽእል ምኺኑ፡ ቅድሚ ሕጂካብ ዘጋጠመ ለበዳታት እተረኸበ መርትዖ

---

[1] ምስዚ ኲነታት ብዝተኣሳሰር፡ ሓለዋ-ድሕነት ማለት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን (SEAH) ንኸየጋጥም ምክልኻል ማለት እዩ፥ **ጾታዊ ምዝመዛ፥** ንጾታዊ ዕላማታት ኢልካ ኣብ ተኣፋፊ መዝነት ስራሕ፡ ፍሉይ ስልጣን ወይ እምነት እተፈጸመ ወይ እተፈተነ ዝኾነ ዓመጽ። ጾታዊ ምዝመዛ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ብምፍጻም ዝርከብ ናይ ሓጺር ግዜ፡ ማሕበራዊ ወይ ፖሎቲካዊ ረብሓታት የጠቓልል። ብመሰረት ሕግታት ሕቡራት ሃገራት፡ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም፡ ጾታዊ ርክብን ምዝመዛዊ ዝምድናን ንኸህሉ ምትላል ዘጠቓልል እዩ፣ **ጾታዊ ዓመጽ፥** ጾታዊ ባህርይ ዘለዎ፡ ኣብ ሓይሊ ወይ ኣብ ዘይምዑርይ ወይ ኣስገዳዲ ኲነታት ብምኺን እተፈጸመ ወይ እተፈተነ ኣካላዊ ግህሰት። ንጾታዊ መጥቃዕቲ (እተፈተነ ጾታዊ ምግሳስ፡ ምስዓም / ምትንኻፍ፡ ብኣፍ ዝፍጸም ጾታዊ ርክብ / ምትንኻፍ ንኸካይድ ንሰብ ምስግዳድ) ከምኡውን ጾታዊ ምስግዳድ ከጠቓልል ይግባእ። ብመሰረት ሕግታት ሕቡራት ሃገራት፡ ትሕቲ 18 ዓመት ምስ ዝዕድሚኡ ዝግበር ኲሉ ጾታዊ ርክባት፡ ከም ጾታዊ ምግሳስ ይቑጸር፣ **ጾታዊ መጥቃዕቲ፥** ንጾታዊ ርእይቶታት ወይ ጠለባት፡ ጾታዊ ሓለፋታት ከምኡውን ከም ጽዩፍ ወይ ዘሐንኽ ተግባር ኽቑጸር ዝኽእል ጾታዊ፡ ቃላዊ ወይ ኣካላዊ ተግባራት ወይ ወስታታት ንኽፍጸም ምሕታት ከጠቓልል ዝኽእል እሞ ኸኣ ኣብኡ ጥራይ ዘይተወሰነ ቀጻሊ ዝኾነ ጾታዊ ባህርይ ዘለዎ ዘይቅቡልን ተደላዪ ዘይኮነን ባህርያትን ተግባራትን።

የርኢ።[2] ስለዚ፡ **ኣህጉራዊ መምዘኒታት ሓለዋ-ድሕነት፡ ከም ክፋል ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19፡ ቀዳምነት ክውሃቦን ብቑጻሊ ድማ ኽትግበርን ኣገዳሲ እዩ፣**ነቶም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብዝያዳ ኺጋጥሞም ንዝኽእሉ ሰባት ኣተኩሮ ብምሃብ እዩ። እዚ ጽሑፍ መምርሒ፡ ንጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኸከላኸላን ግብረ-መልሲ ንኽህባን ግቡእ ስጉምቲ መታን ክወስዳ፡ ንውድባት ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ((CSOs))፡ ናይ ውልቂ ጽላትን ኣብ ጽላት ረድኤት ዝነጥፉ ካልኦት መሻርኽትን ደገፍ ንኽህበን ተባሂሉ እተዳለወ እዩ።

ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኽፍጸመሎም ኣብ ልዑል ሓደጋ ዝርከቡ በዓል መን እዮም?

ሽሕ እኳ እቲ ኩነታት ዝፈላለ እንተኾነ፡ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን፡ ውልቀሰባት ንስልጣኖም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንኽጥቀሙ ዕድል ኣብ ዘለዎም ቦታ ዝፍጸም ስለዝኾነ፡ እቶም ኣብ ኮም እተሃስዩ ሰባት ብቐንዱ የጋጥሞም። **ኣብ ጽላት ረድኤት ዝርከባ ደቀኣንስትዮን ኣዋልድን፡ ብጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብዘይተመጣጠነ መገዲ ይጥቅዓ።**[3] እንተኾነ፡ ከም ስንክልና ዘለዎም ሰባት፡ ኣንስትዮ ሶዶማውያን፡ ተባዕትዮ ሶዶማውያን፡ ክልተ-ከምኡውን ሕብረ-ብዙሕ ዝጾትኦም ሰባት (LBGT+)፡ ስደተኛታት ከምኡውን ኣዋልድን ኣወዳትን ዝኣመሰሉ ኣብ ኮማት ኣድልዎ ዘጋጥሞም ካልኦት ጉጅለታት፡ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኺጋጥሞም ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ይርከቡ።[4]

እቶም **ብዓሌት፡ ቛንቋ፡መበቆል-ዓዲ ወይ ዘርኢ ውሁዳን** ዝኾኑ ኣንስቲ፡ ሰብኡት፡ ኣወዳትን ኣዋልድን፥ኣድልዎ፡ ጠቐነን ግለላን ከምኡውን ዓመጽ ኣብ መሰላቶም ይበጽሖም እዩ፣ እዚ ድማ ንጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ኸካትት ንዝኽእል ኣገልግሎታት፡ ንመነባብሮ ዘድሊ ንጥፈታትን ጸጥታን ዘይምርካብ ዘጠቓልል እዩ። እንተኾነ ግን ኣብዚ እዋን'ዚ ነዚ ምትእስሳር'ዚ ዘቃልዕ ንኡስ መጽናዕቲ ይርከብ። **እቲ ኣብ ልዕሊ ደቀተባዕትዮ ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን እተኻየደ መጽናዕቲ ብፍሉይ ዝተሓተ እዩ።**

ከም ስንክልና ዘለወን ጉራዙት ኣዋልድ፡ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዝቕመጡ ኣወዳት ወይ ኣብ

---

2 ጉጅለ ምዕባለ ሕቡራት ሃገራት (United Nations Development Group) – ምዕራባውን ማእከላይን ኣፍሪቃ (2015) ማሕብረ-ቁጠባዊ ጽልዋ ሕማም ቫይረስ ኢቦላ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፥ ጻውዒት ንሃገራውን ዞባውን ምጽውዋር፡ ተሃድሶን ምክልኻልን፡ https://bit.ly/35DWWRq; ብፕሮግራም ምዕባለ ሕቡራት ሃገራት (UNDP) እተኻየደ ገምጋም ናይቲ ኣብ ግዜ ቅልውላው ኢቦላ ናይ ሰራልዮን እተፈጸመ ጾታውን ኣብ ጾታ ምርኩስ ዝገበረን ዓመጽ (ዕለት ኣይተጠቕሰን)፡ https://bit.ly/2WLtzJh

3 IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ጽሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ካብ ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን (PSEA) ምክልኻል - ሕታም 1.0፡ https://bit.ly/3fpcrRL; Alina Potts (2020)፡ ለበዳታት ኣብ ቅልውላው – እተጸልዉ ቦታታት፥ ኣንስትን ኣዋልድን ከምዘይተረስዓ ምርግጋጽ፡ ዓለማዊ ኢንስቲትዩት ደቀኣንስትዮ ዩኒቨርሲቲ ጆርጅ ዋሽንግተን (George Washington University Global Women’s Institute)፡ https://bit.ly/35zgjeH ; Yaker, R (2020) ድሕነትን ምሉእ ጥዕናን ናይተን ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ኣብ ቅድመ-ግንባር ኮይነን ዝሰርሓ ደቀኣንስትዮ፡ሰደቓ-ሓገዝ ኣብ ጾታ ምርኩስ ዝገበረ ዓመጽ AoR፡ https://bit.ly/2YDxD0t ፣

4 Meaney-Davis, J. et al (2020) ስንክልና ኣብ ዘለዎም ሰባት ዘጋጥም ጽልዋታት ኮቪድ-19፥ ንሕቶ 35 ዝምልከት ሰደቓ-ሓገዝ ስሉጥ ገምጋም፡ ሓቓፍነት ስንክልና፡ ንመጻኢ ዘካተተ፡ https://bit.ly/3djQ0f5 ፣ OHCHR (2020) ኮቪድ-19 ከምኡውን ሰብኣዊ መሰላት LGBTI ናይ ዝኾኑ ሰባት https://bit.ly/2W6CSEo፣IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ጽሑፍ፥ ምክልኻል'ቲ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን (PSEA) - ሕታም 1.0፡ https://bit.ly/2YCB33G.

ልዑል ሓደጋ ዝርከባ ሕብረ-ብዙሕ ዝጾታኤን ደቀኣንስትዮ ዝኣመሰሉ ብዙሕ ዝዓይነቱ ኣድልዎ ዘጋጥሞም ውልቀሰባት።

እቲ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ዘጋጥም ምጥፋእ ህይወትን ምዕጻውን፡ ኣብ ኮማት ብኸቢድ ጽልዋ ይገብርን ተኣፈፍቲ ኣብ ዝኾኑ ሰባት ድማ ብዝያዳ ግለላ የጋጥምን። ንኮማት ደገፍ ንምሃብ ተባሂሉ ኣብ እተኣታተወ ናይ ጥረ-ገንዘብ ሓገዛት ወይ ዕደላታት ረድኤትን ኣብ ዝካየደሉ ኩነታት፣ንሓደጋታት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ከምዝውስኽ ዝገብር ኣብ መንገሶ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ተቐበልትን ዝያዳ ዘይምምዝዛን ስልጣን ከምዝህሉ ኽገብር ይኽእል እዩ።

ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ብዝያዳ ኣብ ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ዛኣትዉ ጉጅለታት

ኣንስትን ኣዋልድን	ናብርኤን ኣብ ረድኤት እተሞርኮሰ ኣንስትን ኣዋልድን፡ ዝያዳ ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ይህልወን፣ እዚ ድማ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ንኽረኽባ ጾታዊ ርክብ ንምግባር ንኽስግደዳ ግዳያት ከምዝኾና ምግባር እዩ። እተን ኣብ ግብረ-መልሲ ክንክን ጥዕና ዝሰርሓ ደቀኣንስትዮ፡ ብመሳርሕተንን ሕሙማትን ዝግበር ከም ምግሳስን ጾታዊ መጥቃዕትን ዝኣመሰለ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኽበጽሐን ኣብ ዝልዓለ ሓደጋ ይርከባ። ፋይቶት፡ ብደቀኣንስትዮ ዝምርሓ ስድራቤታትን ድኻታት ደቀኣንስትዮን፡ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብሰራሕተኛታት ረድኤት ንኸጋጥመን ዝለዓለ ሓደጋ ኣለወን።
ስንክልና ዘለዎም ሰባት	እቶም ኣብ ማሕበራት ሲቪል ሕብረተሰብ (CSOs) ወይ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጽግዕተኛታት ዝኾኑ ምስ ስንክልናኦም ዝነብሩ ሰባት፡ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብዝያዳ ንኸጋጥሞም ተኽእሎ ኣሎ። እቶም ብውልቃዊ ክንክን ሓገዝ ከውሃቡ ዘድልዮም ወይ ብሰንኪ ዘለዎም ስንክልና ኣብ

	ምዝራብን ምብህሃልን ጸገም ዘለዎም ውልቀሰባት፡ ልክዕ ስንክልና ከም ዘለወን ኣንስትን ኣዋልድን፡ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ይርከቡ። ስንክልና ዘለዎም ሰባት፡ እቲ ዘጋጥሞም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ መሰላቶም ዓመጽ ምዃኑ ንኽግንዘቡ ወይ ብኽመይ ክሕብሩ ከምዘለዎም ንኽፈልጡ ዘለዎም ተኽእሎ ትሑት ስለዝኾነ፡ ከምውጽኢቱ፡ እቲ ዓመጽ ንነዊሕ ግዜ ኺጋጥሞም ይኽእል። ጸገማት ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና ዘለዎም፡ እሞ ኸኣ ስንክልና ከምዝኾነ ዘይፍለጠሎም ሰባት፡ ብዝያዳ ቅሉዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።
ኣዋልድን ኣወዳትን	ኣዋልድ፡ ብፍላይ ድማ እተን ኣብ ግርዝውና ዝበጽሓ ኣዋልድ፡ ብሰንኪ ጾታአንን ዕድሚኤንን ዘጋጥመን ኣድልዎ፡ ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን የጋጥመን እዩ፣ ጾታዊ ርክብ ብቐሊሉ ንኽፍጸመለን ድማ ከም ዒላማ ክርኣያ ይኽእላ እየን። ኣወዳት፡ ብፍላይ ድማ እቶም ድኻታት ዝኾኑ ወይ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ወይ ካልእ ዓይነታት መዓስከር ዝቕመጡ ኣወዳት ክጥቅዑ ይኽእሉ እዮም፣ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኣወዳት ምስ ዝፍጸም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ተኣሳሲሩ ዘጋጥም ውርደት ንኽሕብሩ ዘለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ንዝርጋሔ ኮቪድ-19 ንምክልኻል ተባሂሉ ዝውሰድ ስጉምታት፡ ንጠለባት ውሸባ ንምምላእ ወይ ከቢድ ሕማም/ሞት ብምግጣሙ፡ ኣዋልድን ኣወዳትን ካብ ኣለይቶም ከምዝፍለዩ ኽገብር ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ካብ ሰራሕተኛታት ረዲኤት ከይተረፈ፡ እተፈላለየ ዓይነታት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኽበጽሖም ዝለዓለ ሓደጋ ከምዝህልዎም ይገብር እዩ።
LGBT+	ማሕበረ-ኮማት LGBT+፡ማሕበራት ስቪላዊ ሕብረተሰብ ብዝርከብዎም ወሃብቲ ኣገልግሎታት፡ ኣሉታዊ ኣረኣእያታት፡ ኣድልዎ ወይ ድማ ብቕሉዕ ኣገልግሎት ዘይምርካብ ብቐጻሊ የጋጥሞም እዩ። እዚ ድማ እቶም ብLGBT+ ዝፍለጡ ውልቀሰባት፡ ከም ረድኤት ምግብን ክንክን ጥዕናን ዝኣመሰለ ቀንዲ ኣገልግሎታት ዝርከቦ ኣቑሑን ኣገልግሎታት ንኽረኽቡ፡ ጾታዊ ምዝመዛ ክበጽሖም ይኽእል እዩ።
ብዙሕ ዝዓይነቱ ኣድልዎ ዘጋጥሞም ውልቀሰባት	እቶም ብምኽንያት ዘለዎም ጾታ፡ ዕድመ፡ ጾታውነት፡ ድኽነት፡ ዘርኢ፡ ዓሌት፡ ኩነታት ስደት፡ ስንክልናን ሃይማኖትን ብዙሕ ዝዓይነቱ ኣድልዎ ዘጋጥሞም ውልቀሰባት፡ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብዝያዳ ንኺጋጥሞም ተኽእሎ ኣለዎም። እቲ ብዝያዳ እተደራረበ ኣድልዎታት ዘጋጥሞ ሰብ፡ ምስ ትካላት ረድኤት ኣብ ዝራኸበሉ እዋን፡ ዝለዓለ ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን የጋጥሞ።

ምንጪ ስእሊ፡ ምስጋና ንMKCoursin

ውድባት፡ ኣብ እዋን ኮቪድ-19፡ንጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኽከላኸላ እንታይ ስጉምቲ ክወስዳ ይግብኤን?

- **ብ[5]ኮቪድ-19 ኣብ ዘጋጥም ሓደጋታት ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ንፍሉጣት ኣህጉራውያን መምዘኒታት ሓለዋ-ድሕነት ንምትግባር ብቐጻሊ ምስራሕ።** ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ኣብዚ እዋን'ዚ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ፡ ኣህጉራውያን ሰራሕተኛታት እናወሓዱ ኣብ ዝኸድሉ ዘሎ እዋንን ኣብ ካልኦት ዓይነታት ተዋሳእቲ ድማ ዝያዳ ትውክልትን ክትትልን ኣብ ዝግበረሉ ዘሎ ኲነታት፡ ውድባት ንኣገባባት ሓለዋ-ድሕነት ንኽግምግማን ብቐጻሊ ድማ ክትትል ኽገብራን ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን። ኣብ ኲሎም ሓደስቲ ሰራሕተኛታት፡ ተኹናተርትን ወለንተኛታትን ብቐጻሊ ገምጋም ኽካየድ፡ ደንቢ.ታት ትግባረ ከምዝፍርሙ ኽግበርን ግድነታዊ ስልጠናን ቊጽጽርን ከምዝወስዱ ኽግበርን ይግባእ፣ ሰራሕተኛታት ብቐልጡፍ ንኽሰርሑ ዘገድድ ጸቕጥታት እኳ እንተሃለወ፡ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሮም ኽካየድ ኣለዎ። ስሩዕ ስልጠና ንሰራሕተኛታት ብቐጻሊ ክውሃብ ይግባእ፣ እቲ ዝሰርሕዎ ስራሕ ካብቲ ልሙድ ዓቕን ስርሖም ዝኸበደ እኳ እንተኾነ ወይ ህጹጽ ቀዳምነታትዝውሃቦ ሰብኣዊ ረድኤት እኳ እንተሃለወ፡ ንኣገባባት ሓለዋ-ድሕነት ንምትግባር ብቐጻሊ ቀዳምነት ንኽህቡ ንጹር ዝኾነ ርክባት ኽግበረሎም ይግባእ።

- **ደቀኣንስትዮ ሰራሕተኛታት፡ ከም ኣካል ግብረ-መልሲ ውድብኩም፡ ኣብ ቦታታት መሪሕነት ንኽመጻ ደገፍ ሃቡ።** ኣብ ቅድሚት ግንባርን ናይ ምምሕዳር ስራሕን ዝሰርሓ ዝያዳ ደቀኣንስትዮ ከምዝካተታ ምግባር፡ ብዛዕባ ጉዳያት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ዘሎ ግንዛበን ክትትልን ንኽዓቢ ከምኡውን ሓፈሻዊ ሓደጋ ከምዝጕድል ንኽገብር ተኽእሎ ኣሎ። ደቀኣንስትዮ፡ ብሰንኪ ኣጋጢሙ ዘሎ ለበዳ፡ ኣብ ስድራቤት ንዘለወን ሓላፍነታት ከምዝውስኽ ገይሩ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ንደቀኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ዘድሊ ተወሳኺ ደገፍ እንታይ ከምዘሎ ተገንዘቡን ኣብ ከባቢኹም ንዘለዉ ሰባት ድማ ተወከሱን።

- **ብሰንኪ ኮቪድ-19፡ ኣብ ኦንላይንን ቦታ ስራሕን ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንዘምጽኦ ሓድሽ ሓደጋታት ኣለልዩ።** እዚ፡ ንህሉው ኲነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብዝያዳ ከምዘጋጥሞ ኣብ ዘረጋግጽ ትንተናታት ናይ ጾታን ማሕበራዊ ሓቛፍነትን ምርኩስ ብምግባር ኽትግበር ይግባእ። ንነፍስወከፍ ፕሮግራም/ንጥፈት ኣመልኪቱ ዝግበር ትንተናታት፥ ንረቛሒ.ታት ሓደጋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ከምኡውን ኣብ ስልጣን ዘሎ ዝዓበየ ፍልልያት ኣበይ ምኧኑ፡ ንኣብነት ኣቁሑ/ጥረ-ገንዘብ ኣበይ ይዕድል ከምዘሎ ወይ ብዝሒ ሰራሕተኛታት ብቐንዱ ተባዕትዮ ዝዓብለልዎ ቦታ እንተኾይኑ ንኽትርድኡ ድማ ኣገዳሲ እዩ፣ምኽንያቱ፡ እዚ ተርእዮ ምስዝህሉ፡ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኺጋጥም ተኽእሎ ስለዘሎ እዩ።

- **ንእተጐስዩ ጉጅለታት ብፍላይ ድማ ውድባት መሰላት ደቀኣንስትዮ ከምዝካተታ ብምግባር፡**

---

[5] እቲ ካብ 2018 ጀሚሩ ዝውሃብ ኣህጉራዊ ግብረ-መልሲ፡ ኣብ ምኽባር ሓደ ወይ ክልቲኡ'ዚ ዝስዕብ ጉጅለ መምዘኒታት ሓለዋ-ድሕነት ምርኩስ ዝገበረ እዩ፥ 1) ንጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ዝምልከት ዝተሓተ መምዘኒታት ኣፈጻጽማ ስራሕ IASC (https://bit.ly/2YElw3b)፡ ንጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ብዝምልከት ሽዱሽተ ቀንዲ መትከላት IASC ደገፍ እተዋህቦ (https://bit.ly/35J78sc)፣ ከምኡውን 2) ቀንዲ መምዘኒ ሰብኣዊ ረድኤት (https://bit.ly/2SDCJpB) (ንመምዘንን ኮቪድ-19ን ዝምልከት ዝሃብዎ መምርሒ ርኣዩ (https://bit.ly/2Li7DA9)። ንቆልዑ ውሑሳት ዝገብር መምዘኒታት ሓለዋ-ድሕነት (https://bit.ly/2L4mZYJ) ፡ ንብዙሕ ቦታታት ስራሕ ዝምልከት ኮይኑ፡ ብመወልትን ካልኦት ጉጅለታትን ምስ ዝውሃብ "መሰረታዊ" ኣህጉራዊ መምዘኒታት ግን ሓደ ዓይነት ኣይኮነን።

ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ደገፍ ዝውሃቦ ዘሎ ፕሮጀክትታት ምስ ኮማት ብምኧን ብሓባር ኣዳልዉ/ከምዝርዓም ግበሩ። ዝለዓለ ሓደጋ ኣብ ዘለዎም ሰባት ንዘጋጥም ሓደጋታት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ክትርድኡ ብፍሉይ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ እቲ ዝካየድ ንጥፈታትን ኣገባባት ጸብጻብን ድማ ተበጺሒ ከምዝኸውን ገይርኩም ኣድልውዎ። ብኣካል ዝግበር ኣኼባታት ኣብ ዘይከኣለሉ እዋን፡ ምስ ምንቅስቓስ ከባቢ (ኣክቲቪስትስ) ወይ ውድባት፡ ናይ ተሌፎን ምምኽኻር ኽግበር ድማ ይከኣል እዩ።

- **ንመርበብ ሕብረ-ትካላዊ ምክልኻል ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን (Inter-Agency Protection from Sexual Exploitation and Abuse (PSEA))[6] (እንተሃልዩም) ንዘጠቓልሉ ኣብ ተመሳሳሊ ጽላት ምስ ዝሰርሑ ካልኦት ትካላት ኴንኩም ኣተሓባብሩ።** እዚ ምትሕብባር'ዚ፡ ብጸቕጢ ዋሕዲ ጸጋታት ዝሳቐያ ንዘለዋ ንኣሽቱ ውድባት ምብኻን ግዜ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ዘይምትሕባብር፡ ምድርራብ ስራሕ ከምዝህሉ ይገብር ከምኡውን/ወይ ብዛዕባ'ቲ ዝውሃብ ዘሎ ሓለዋ ከምኡውን ጸብጻባት ጸጋታትን ስርዓታት መወከሲታት ግዳያትን ኣፍልጦ ከምዘይህሉ ይገብር። መርበብ ሕብረ-ትካላዊ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን መጥቃዕትን ምስዘይህሉ፡ ንኣብነት፥ ሓለዋ ቆልዑ ወይ ጾታ ዝሰረቱ ዓመጽ (GBV) ምስ ዝኣመሰሉ ካልኦት ተመሳሰልቲ መርበባት ፈትሹን ተሓባበሩን።

- **ውድብኩም፡ ዓበይትን ቆልዑን ንዝኾኑ ግዳያት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንዝውሃብ እተመሓየሸ ዝርዝር መወከሲታት ኣገልግሎት ከምዝህልዋ ግበሩ፣** ንኮቪድ-19 ኣብ መዕለቢኡ ንምብጻሕ ኣብ ዝውሰድ ስጉምታት መንግስቲ/መርበብ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ምርኩስ ብምግባር ብቐጻሊ ከምዝመሓየሽ ግበሩ፣ እቲ ሓገዛት ድማ ምስ ኮቪድ-19 ብቐጥታ ካብ ዘይተኣሳሰር ኣገልግሎታት ናብኡ ከምዝዘዋወር ኽግበር ይከኣል እዩ። ምድላው ካርታ ኣገልግሎት፡ ንሕክምናዊ ደገፍ (ንኤች.ኣይ.ቪ ንምክልኻል ዝውሃብ መድሃኒት ድሕረ-ምቅላዕ ሕማም (Post–Exposure Prophylaxis (PEP))፡ ክሊኒካዊ ምሕደራ ምግሳስ፡ ህጹጽ መከላኸሊ ጥንሲ ከምኡውን ሰፊሕ ሕክምና መቑሰልትን)፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ደገፍ፡ መጽለሊታት ወይ ካልእ ናይ ድሕነት ቦታታት፡ ሕጋዊ ደገፍን ትግባረ ሕግን ከጠቓልል የድሊ። ካልኦት፡ ከምኡ ዝገበሩ እንተኾይኖምን እቲ ሓበሬታ ድማ ንዓኹም ክነግርኹም ዝኽእሉ እንተኾይኖምን ንምርኣይ፡ ምስ ካልኦት መሻርኽቲ (ከም ንኡስ-ጉጅለታት ወይ መርበባት ኣብ ጾታ እተሰረተ ዓመጽ ወይ ሓለዋ ቆልዑ) ተሓባበሩ። ንድሌታት ክልቲኦም ማለት ተባዕትዮን ኣንስትዮን ግዳያት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ኣብ ግምት ከተእትውዎም ከምዘለኩም ዘክሩ።

- **ኮማት፡ ስድራቤታትን ውልቀሰባትን፡** ብዛዕባ ናይ ውከሳ ኣገልግሎታት ከምኡውን ኣበይን ብኸመይን ክረኽብዎ ከምዝኽእሉ ከምዝፈልጡ **ግበሩ።** ብተወሳኺ፡ ኣገልግሎታት ንኽረኽቡ ጾታዊ ሓለፋታት ንኽግበረሎም ንዝቕርብዎ ጠለባታት ኣብ ምግዳብ መታን ክሕግዝ፡ ኲሉ ኣገልግሎታት ሰባኣዊ ረድኤት፡ ብዘይ ክፍሊት ከውሃብ ከምዘለዎ ወይ ከምዝግባእ ዝሕብር መልእኽቲ ናብ ገዛ ንኽብጽሑን እቲ እተሓበረ መልእኽቲ ዝሓዘ ፖስተራት ድማ ኣብ ነቑጣት ኣገልግሎት ንኽጥቃዕ ጻዕርታት ኽካየድ ይግባእ።

- **ንሓደጋታት ናይ ማዕዶ ምሕደራን ቊጽጽርን ገምግሙ** ከምኡውን ሓቅነት ናይቲ እትረኽብዎ ሓበሬታ (እቲ ወሃቢ ሓበሬታ - መራሕቲ ኮም፡ ሰራሕተኛታትኩም፡ ሓደስቲ መሻርኽቲ?) ገምግሙ።

---

6 ብኣሃሃዲ ሰብኣዊ ረድኤት/ቀዋሚ ኣዋሃሃዲ ዝእለ ኮይኑ፡ ብኣዋሃሃዲ ምክልኻል ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን (PSEA) ድማ ደገፍ ይውሃቦ። ግዝያዊ ተክኒካዊ ጽሑፍ IASC (2020)፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝግበር ምክልኻል ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን (PSEA) - ሕታም 1.0፡ https://bit.ly/2yxPj32

ኣብ ኮማት ብዛዕባ ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ዝምልከት መጠንቀቕታ ብኸመይ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉን ንምልክታቱ ድማ ብኸመይ ከምእትከታተሉን ተገንዘቡ። ውድብኩም ካብ ዝሰርሖ መብዛሕቱ ስራሕ፡ ኣብ መንገዲ ሞያውን ውልቃውን ርክባት ክትፈላለየሉ ኣብ ዘኽኣል ደብዛዝ ብዝኾነ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት (ኦንላይን) ከምኡውን ኣብ መድረኽ ማሕበራዊ ሚድያ ክስራሕ ዝኽእል እዩ። ኣብ ኦንላይን ብዛዕባ ኸሕሎ ዝግባእ ስነ-ስርዓትን ምስ ኣባላት ኮም ብኦንላይን ርክብ ኣብዝካየሉ እዋን ብዛዕባ ኽግበር ዝኽእልን ዘይክእልን ነገር ዝምልከት ንጹር መምርሒ ንሰራሕተኛታትኩም ሃቡ።

- **ቛንቋ ጸለመ ኣይትጠቐሙ፣ ጐዳኢ ልምድታትን ብኮቪድ-19 ኣብ እተጸልዋ ኮማት ክምዕብል ዝኽእል ጸለመን ብንቕሓት ተኸታተሉ።** ኣብ ልዕሊ'ቶም ብኮቪድ-19 እተታሕዙ ወይ ምስ ኮቪድ-19 ምትእስሳር ዘለዎም ውልቀሰባት ዝፍጸም ኣድልዎ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ወይ ስእነት ዓቕሚ መነባብሮ/መርበባት ደገፍ ንኺይሕብሩ ሽለል ከምዝብሉ ኽግበር ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ እቶም ውልቀሰት ንኽነብሩ ኣብ ስራሕ ጾታዊ ርክብ ከምዝምለሱ ኽግበር ይኽእል እዩ።

ውድባት፡ ኣብ እዋን ኮቪድ-19 ብዛዕባ ዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ዝምልከት ሓበሬታን ዝውሃብ ግብረ-መልስን ኣመልኪተን ክወስድኦ ዘለወን ስጉምታት እንታይ እዩ?

- **ንግዳያት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ደገፍ ሃቡ፣ ኣብ ግዜ ምዕጻው (ሎክዳውን) ከይተረፈ ንድሕነቶም ቀዳምነት ሃቡን ኣብ ግዳያት ዘማእኸለ ሜላታት ድማ ክትጥቀሙ ጸዓሩን**[7]። ኣብ ኩነታት ምርኩስ ብምግባር ድማ ንድሌታት ግዳያት ንኽትፈልጡ፡ ውሑስ፡ ምስጢራውን ቀጥታውን ዝኾነ ርክብ ንኽትገብሩ ክትጽዕሩ ኣገዳሲ ኣዩ። ግዳይ፡ ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ናብ ውሑስ ቦታ ክውሰድ፣ እቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ከምርመር ዘድልዮ እንተኾይኑ ድማ ናይ ውክሳ ኣገልግሎታትን ሓገዝን መታን ክረክብ፡ ካብ ካልኦት ትካላት ከምኡውን /ወይ መዘታት ሓገዝ ክሕተት ይከኣል እዩ። እቲ ዝዳሎ ካርታ ኣገልግሎታት ኩሉ ግዜ እዋናዊ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ።

- **እቲ ንኮቪድ-19 ኣብ ምክትታልን ምዕጻው ኣብ ገዛን ዝመጽእ ጸቕጢ፡ገሊኦም ሰባት፡ ነቲ ዘጋጥሞም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ንኽሕብሩ ስለዝዕንቅጾም፡ሰራሕተኛታት ንኣካልውን ስነ-ልቦናውን ጥዕናኦም መታን ክሕልዉ ደገፍ ሃቡ።**[8] መሳርሕቲ፡ ንምልክታት'ቲ ዝፍጸም ዘሎ ዘይግቡእ ተግባራት ንኽግንዘቡ ዓቕሚ ክውሕዶም ይኽእል እዩ፣ እቶም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ዘጋጠሞም ሰራሕተኛታት ድማ ነቲ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ዘጋጥመ ልዕሊ-ዓቕሚ ዝኾነ ንዓለም ዘድሊ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ዘጋጠሞም ነገር ንኽሕብሩ ኣድላዪ ከምዘይኮነ ክሓስቡ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ፡ ብዛዕባ ቀጻሊ ዝኾነ ቀዳምነታት ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ተጠቀምትን ዝምልከት ከምኡውን እቲ ዝውሃብ ሓበሬታ፡ ዝለዓለ ቀዳምነት ክውሃቦ ከምዝኾነ ዝገልጽ ርእሰ-ተበግሶኣዊ መልእኽቲ ሃቡ።

- **ነቶም ብጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ብዝያዳ እተጠቕዑ ሰባት ድሉው ከምዝኸውን ንእተገብረ ኣገባባት ጸብጻብ ገምግሙን ከምዝርዓም ግበሩን።** እቲ ኣብ ኮማት

---

[7] ኣብ ግዳይ ዘተኮረ ሜላ፡ ኣብ ኣርባዕተ መትከላት መምርሒ ማለት ኣብ ድሕነት፡ ምስጢራውነት፡ ኣኽብሮትን ኣድልዎ ዘይምግባርን ምርኩስ ዝገበረ እዩ። https://bit.ly/3djQvWv ። ንሓለዋ-ድሕነት ዝምልከት ብዛዕባ ዘጋጠመ ፍጻሜ ኣብ እተሓበረሉ እዋን፡ እዚ መትከላት'ዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ፣ ንኽውሃብ ውሑስ ኣብ ዝኾነሉ ግዜን ክፍለጥ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜን ጥራይ ድማ ሓበሬታ ይውሃብ።

[8] ደቀኣንስትዮ ሕቡራት ሃገራትን ተርጐምቲ ብዘይ-ዶባትን (Translators without Borders) (2020) ኮቪድ-19፥ ንእተነፍጉን ግዳያትን ሰባት ኣብ እዋን ሓደጋ ኣብ ዝግበር ርክብን ተሳታፍነት ኮምን ብኸመይ ይካተቱ፡ https://bit.ly/2W8HzgT

ዘጋጥም ሳዕቤናት'ዚ ለበዳ'ዚ፡ ብቐጻሊ እናተቓየየር ዝኸይድ ስለዝኾነ፡ ንዝግበር ምድላዋት ደገፍ ንምሃብን ንዘሎ እተፈላለየ ዕድላት ድማ ንምግምጋምን፡ ምስቲ ዘጋጥም ኩነታት ዝኸይድ ስሩዕ ውጥንን እዋናዊ ሓበሬታን ምድላው ጠቓሚ ይገብር። ኣገባባት ጸብጻብ፡ በቶም ከም ስንክልና ዘለዎም ውልቀሰባት ወይ ማሕበራዊ ጥምረት ዘይብሎም ካልኦት ጉጅለታት ዝኣመሰሉ ኣንስትን ኣዋልድን ከምኡውን ሓበሬታ ንኽረኽቡ ጸገም ዘለዎም ካልኦት ጉጅለታት ክረኽብዎ ብዝኽእሉ መገዲ ከምዝርዓም ኽግበር ይግባእ። ካብ ትካላት ረድኤት ክረኽብዎ ብዛዕባ ዝጽበይዎ ባህርያት ዝምልከት ንኹሎም ክፍልታት ኮም ንምሕባር፡ እተፈላለየ መስመራት ርክብ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይግባእ። ማሕበራዊ ምፍንታት ብምግባር ናይ ገጽ ንገጽ ርክብ፡ ራድዮ፡ ተለቪዥን፡ ማሕበራዊ ሚድያ፡ ተንቀሳቓስቲ ተሌፎናት፡ ሓጺር መልእኽቲ (SMS)፡ እተሓትመ ጽሑፋት (እተተርጐመ ከምኡውን ንኹሉ ተበጻሒ ዝኾነ)፡ ከምኡውን እቲ ንትካላት ረድኤት ዝውሃብ መልእኽታት ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ነዚ መልእኽታት ብድምጺ ጓልኣንስተይቲ ምሃብ ዝያዳ ውጽኢታት ከምዝኾነ ብመርርያ ከምእተረጋገጸ ይሕብር እዩ።[9] ኣብ ኣባላት ኮም ምድንጋራት ንኸየጋጥም፡ እቲ ዘለኩ ም ኣገባብ ጸብጻብ ናይ ውድብኩም ምስ ናይ ካልኦት ውድባት ከምዝሳነ ንኽትገብሩ ጽዓሩ።

- **እቲ ዝውሰድ ስጉምትን ዝውሰደሉ ግዜን ንምፍላጥ ንጸብጻባት ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ገምግሙ፣ ነቲ ውጥን ድማ ብስሩዕ ከምዝምርመር ግበሩ።** እቲ ዝቐርብ ጸብጻባት፡ እቲ ዘሎ *ምዕጻው ኣብ ገዛ* ወይ ቀይድታት *ብዘይገድስ* ስጉምቲ ክወሰደሉ ይግባእ። መርመራ ብቐጥታ ወይ ብግዕዶ ንኽካየድ ውሑስ ወይ ዝከኣል እንተኾይኑ ንምውሳን፡ ኣብቲ ዝግበር ነፍስወከፍ መድረኽ መርመራ፡ ንሓደጋ ኣብ ግምት ዘእተወ ውሳኔታት ኣተኣላልያ ጉዳያት ኽካየድ ይግባእ። በብመድረኹ ከምዝካየድ ዝገብር ሜላ ምጥቃም ዝምችእ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት፥ ፈለማ፡ ናይ ጠረጴዛ መጽናዕቲ ኽካየድ ይኽእል፣ ምስጢራውነት ክውሓስ ዝከኣል እንተኾይኑ ድማ ቃለ-መሕተት ብመገዲ እሙን መሻርኽቲ ወይ ብተሌፎን ኽካየድ ይከኣል እዩ። ውሕስነት፡ ድሕነትን ጥዕናን ናይ ኩሎም ወገናት (ግዳይ፡ ጥርዓን ዝቐርበሉ ኣካል፡ መሰኻኽር/ መርማሪ) ኣብቲ ዝካየድ ዝኾነ መድረኽ ናይቲ መርመራ ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ እንተኾይኑ፡ እቲ መርመራ ጠጠው ክብል ይግባእ፣ እተመሓየሸ ገምጋም ሓደጋ ከምዝካየድ ይኸውን፣ እቲ መርመራ ክርዓም/ኽቕጽል ወይ ኸይቕጽል ድማ ውሳኔ ይውሃብ።

ንኽንበብ ዝሕበር ተወሳኺ ጽሑፋት

ኣብ እዋን ኮቪድ-19 ንዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ኣመልኪቱ ዝውሃብ ቀንዲ መብጽዓታት መመዘኒታት ሰብኣዊ ረድኤት https://www.chsalliance.org/get-support/article/seah-in-the-covid-19-response/

ግዝያዊ ተክኒካዊ ጽሑፍ IASC (2020)፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ንዘጋጥም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን (PSEA) ምክልኻል - ሕታም 1.0፡ https://interagencystandingcommittee.org/other/interim-technical-note-protection-sexual-exploitation-and-abuse-psea-during-covid-19-response

ውጥን ናይቲ ኣብ እዋን ኮቪድ-19 – ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግባእ መርመራታት ሓለዋ-ድሕነት (2020) https://safeguardingsupporthub.org/wp-content/uploads/2020/05/Plan_Intl_Safeguarding_Investigations_Considerations_for_Covid-19_10Apr20_Eng_ex-links.pdf

9 ደቀኣንስትዮ ሕቡራት ሃገራት ከምኡውን ተርጐምቲ ብዘይዶባት (Translators without Borders) (2020) ኮቪድ-19፥ ንእተነፍጉን ግዳያትን ሰባት ኣብ እዋን ሓደጋ ኣብ ዝግበር ርክብን ተሳታፍነት ኮምን ብኸመይ ይካተቱ፡ https://bit.ly/3caGACn

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ *ንሰራሕተኛታትን ኣተግበርቲ መሻርኽትን DFID ዝኸውን ጽሑፍ መምርሒ DFID ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ቀረባ እዋን ምስ እተሓትመ ጽሑፍ ዝሰማማዕ እዩ። ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ መላእ ፕሮግራማት DFID ኣንጻር ጾታዊ ምዝመዛን ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕቲ (SEAH) ዝግበር ሓለዋ-ድሕነት።* ኣብ ቅድሚት ግንባር ንዘለዋ ውድባት፡ ግብራዊ መምርሒ ንኽውሃብ ኣብ ዝግበር ደገፍ ዘተኮረ ኮይኑ፡ ካልእ ጽሑፍ መምርሒ ድማ ንመወልትን ዓበይቲ ኣህጉራውያን ዘይመኽሰባውያን ውድባት (INGOs) ደገፍ ንምሃብ ተባሂሉ እተዳለወ እዩ።

እዚ ሰነድ'ዚ፡ ውጽኢት ናይቲ ብትካል ረድኤት ዩናይትድ ኪንግዶምን መንግስቲ ዩናይትድ ኪንግዶም እተመወለ ፕሮግራም ማእከል ሓገዛትን ደገፍን (Resource and Support Hub) ሓለዋ-ድሕነት እዩ። እቲ ኣብዚ ቦታ እተዋህበ ርእይቶታትን ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታን፡ ናይ መንግስቲ ዩናይትድ ኪንግዶም ክኸውን ወይ ብእኡ ዝጸደቐ ክኸውን ናይ ግድን ኣይኮነን፣ ናይ ከምዚ ርእይቶታት ወይ ሓበሬታ ወይ ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር ዝኾነ እምነት ሓላፍነት ክወስድ ኣይክእልን እዩ።

እዚ እተዘርግሐ ጽሑፍ፡ኣብዚ ዘገድስ ጉዳይ ኣተኩሩ ንዝውሃብ ሓፈሻዊ መምርሒ ተባሂሉ በዚ ፕሮግራም፡ ኣባላት ማሕበሩን ብሰፊሕ ኣካዳምያውን ክኢላውን ዓቕሚ ኮምን እተዳለወ እዩ። ንዝኾነ ተወስኺ ሓበሬታ ወይ ሕቶ፡ ንveronica@rshub.org.uk ተወከሱ።

መወዳእታ ጽሑፍ